# ሊቀ-ካህናት ኣባ ሓድጉ ሓድገምበስ ተሰዊሮም

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
17.09.2008

ሊቀ-ካህናት ኣባ ሓድጉ ሓድገምበስ ነቶም ኣብ ከንያ ዝርከቡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ንኽበርክቱን ህዝቢ ክኣልዩን ዝተመደቡ ካህን ኢዮም። ኣብ ከንያ ከተማ ናይሮቢ ሓደ ዘመናዊ ቤት ክርስትያን ንምህናጽ ኣብ ዝተገብረ ናይ ገንዘብ ምውጻእ ጐስጓስ እወንታዊ ሃይማኖታዊ ግዴታኦም ኣበርኪቶም። ይኹን እምበር፡ ጸኒሖ ኣብ መንጎ ህዝብን ሰዓብቲ ህግዲፍ ዝኾኑ ናይ ገንዘብ ምምሕዳር ሽማግለን ብዝተፈጥረ ጸገም፡ ኣብ ክእለየሉ ዘይኽእል ምስሕሓብ ምእታዎምን፤ ከም ፈተነውን ንዝተላዕለ ሽግር ንምእላይ ክልተ ካህናት ካብ ኣስመራ ናብ ናይሮቢ ተላኢኾም ምንባሮምን፤ ግን ከኣ፡ ዝገበርዎ ፈተነ ክዕወት ከምዘይከኣለን ኣብ ዕለት 20 ነሓሰ 2008 ኣብ'ቲ ቦታ ዝርከብ ምንጪ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢሩ ምንባሩ ዝዝከርዩ።

እቲ ቀንዲ መበገሲ ናይቲ ዘይምትእምማን ሽግርን፡ ምዝማት ገንዘብ ህዝቢ ዝለመደ ጣልቃ ኣእታውነት ስርዓት ህግዲፍ ብምዃኑ፡ ነቲ ብሰላምን ልዝብን ክፍታሕ ዘይተኻእለ መኸተ ናይ ህዝቢ፡ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ስርዓት ህግዲፍ ብሓይልን ብቐትለትን ናይ ሰባት ንኽውድኦ ካብ ዝነበሮ መደብ፡ ብመንገዲ ያፌት ኪሮስ፡ ሚኪኤል ገብረትንሳኤ፡ ክፍሎም ገብረማርያምን ጴጥሮስ ተኪኤን ዝተባህሉ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝነበሩ ኣቢሉ፡ ንከንያውያን በጋሚንዶታት 30,000 ሽልን ናይ ከንያ ($5,000-ዶላር ኣመሪካ ማለትዩ) ከፊሉ ንሊቀ-ካህናት ኣባ ሓድጉ ሓድገምበስን ንሃለቃ (ዲያቆን) ኣብራሃም ወልደስላሰን ክቕትሎም ምፍታኑ ካብ ናይሮቢ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ። ለቂ-ካህናት ኣባ ሓድጉ ነዚ ናይ ቅንጸላ መደብዚ ምስ ፈለጡ፡ ድሕነቶም ንምሕላው ፖሊስ ምምልካቶምን፡ እቶም ኣራባዕተ ኤርትራውያን መጋበርያታት ናይቲ ኤምባሲ ኣብ ትሕቲ ፖሊስ ከንያ ምጽንሖምንውን እቲ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ይኹን እምበር፡ ኤምባሲ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ከንያ፡ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ንኣርባዕቲኦም ልኡኻቱ ካብ ቤት ማእሰርቲ ድሕሪ ምውጻእ፡ ብዕለት 15 መስከረም 2008 ነቲ ቤት ክርስትያን ብሓይሊ ፖሊስ ከዕጽዎ እንከሎ፡ ኣብቲ ቤት ክርስትያን ዝጸንሖ ሃለቃ ኣብራሃም ወልደስላሰ ብፖሊስ ተሃሪሙ ካብቲ ቦታ ከምዝለቐቐ ተገይሩ። ሊቀ-ካህናት ኣባ ሓድጉን ሃይለማርያም ተወልደ ዝተባህለ ኤርትራዊ ዜጋን ክሳብ ሕጂ መንጠቢኦም ዘይተፈልጠ ተሰዊሮም ምህላዎም ካብ ከንያ ዝበጻሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ ኣሎ። እዚ ግፍዕታትዚ ዘጨነቐን ኣዴታትን ኣሓትን ሽምዓታተን ኣብሪሄን ኣብ ቀጽሪ እቲ ብፖሊስ ዝተዓጽወ ቤት ክርስትያን ክምህለላ ምቕናየንውን ዝበጻሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ ኣሎ።